ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ

ኣራሚት ሽማግለ

حزب النهضة الإرتري

اللجنة التصحيحية

Eritrean Nahda Party-

Correction Committee

## መግለጺ ኣራሚት ሽማግለ ብዛዕባ ሳልሳይ ጉባኤ።

## 23.08.2016

**ክቡር ውጹዕ ተቓላሳይ ህዝብና፡**

ኣብ ዝሓለፈ ቅሩብ ማዓልቲ፡ ሒደት ጉጅለ ታኣኪቦም ዘይሕጋዊ ጉባኤ ኣካይዶም፡ ደምዳሚ ኣዋጅ ከምዘውጽኡ ኩላትና ተኻታቲልናዮ። እቲ ተዋስአ ንዝከታተል ኣዝዩ ብሩህ እኳ እንተኾነ፡ ነቲ ብዝተፈላለየ ሻቅሎት ናይ ህይወት ዝሓለፎ ይኹን፡ በቲ ናይ ሓርገጽ ንብዓቶም ተገሪሁ፡ ክድንግጸሎም ዝኽእል ግን፡ ኣብ መጻወድያኦም ከይኣትው መታን ከነጠንቅቖን ከነብራሃሉን ናይ ግድን ይኸውን።

ከምቲ ደጋጊምና ንገልጾ፡ መበገሲ ዕላማ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ነቲ ተኸቢሩን ኣኽቢሩን ንመዋእላት ክግስግስ ዝጸነሐ ሕብረተሰብ ጀበርቲ ንምጽናት ዝካየድ ዝነበረን ገናውን ዝቕጽል ዘሎ ናይ ምጽናት ውዲታት ንምምካትን፡ ብዓቢኡ ድማ ነቲ ጠንቂ ሕሰም ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ስርዓት ህግደፍ፡ ምስ ካሎኦት ኣሓት ተቃወምቲ ውድባት ሓቢሩ ምእላይን መታካእትኡ ድማ ሕግን ዲሞክራሲን ዘኽብር ስርዓት ምትካል እዩ።

ይኹን እምበር ከምቲ ኣብ ጥዑይ እኽሊ ክርዳድ ዘይሳኣን፡ ኣብ ሰልፍና ከም ክርዳድ ኮይኖም ዝበቖሉ፡ ግን ካኣ ብኣግኡ ስለዘይተጻህየዩ፡ እነሀለዉ ሎሚ ድሮ ሃጢሮምሲ ክሰጉን ከፋጥጡን ኩላትና ተዓዚብና።

**ክቡር ውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ**

ከምቲ ግቡእ፡ ሳልሳይ ጉባኤ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ኣብ ዝሓለፈ ጥቅምቲ 2015 ክግበር እኳ እንተነበሮ፡ መሰረታት ሰልፊ ዝሓተትዎ ኣዝዩ መሰራታዊ ዝኾነ ሕቶታት ስለዝነበረ፡ ቅድሚ ዝኣገረ እቲ ሕቶ ናይ መሰረታት ክምለስ ኣለዎ ካብ ዝብል ጽኑዕ እምነት ተበጊስና፡ ጉባኤ ንሓደ ዓመት ክናዋሕ ሓቲትና። ብተወሳኺ፡ እቲ ብሰንኪ ዘይምትእምማን፡ ኣብ መንጎ መሰረትን መሪሕነትን ተኸሲቱ ዘሎ ቅልውላው ዘላቂ ፍታሕ ንኽርከብ እውን ሓሳብ ኣቅሪብና።

ይኹን እምበር፡ ጻውዒት መሰረራት ሰልፊ ጎሲዮም፡ ሒደት ዕልማናውያን ምስ ኣዝማዶም ዘዋደድዎ ውራይ ጉባኤ ኢልካ ክትጽዎዖ`ውን ዘሕፍር፡ ነቲ በዕሩኽቲ ሃገራት ዝተበገሰ ብማእከልነት ተቃላሳይ ሓው/ ማሓመድ ጣሃ ተወከል፡ ከምኡ`ውን ኣቦታት ሽማግለ ጀበርቲ ዝተገብረ ናይ ዕርቂ ፈተነ ጸማም እዝኒ ሂቦም፡ ዝስጎግ ሰጊጎም፡ ዝድስክል ኣደስኪሎም፡ ናይ ደቂ ዕቁብ ጉባኤ ኣካይዶም።

ኣብ ርእሲኡ፡ ብብጾት ማእከላይ መሪሕነት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ፡ እቲ ዝኸይድ ዘሎ ኩነታት ደስ ስለዘይበሎም፡ ሕጂውን ክምብል በለ እምበር ኣይተኻዕወን፡ ካብ ዝብል ሓያል እምነት ተበጊሶም ካብ ሽወደን ናብ ዓባይ ብሪጣንያ ተጓዒዞም ድሕሪ ናይ ክልተ ማዓልቲ ሓያል ዘተ፡ ኣብ ሓደ ምርድዳእ ተበጺሑ ከነሱ፡ ነቲ ውዕል ኣፍሪሶም ካብ ሳላሳ ዘይበዝሑ ሽራፍ ዘይሕጋዊ ጉባኤ ኣካይዶም።

**ኣብ ሙሉእ ዓለም ትርከቡ ኣባላት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ**

እቲ ብቁርኣን ተኸፊቱ ብቁርኣን ዝዕጾ ዝነበረ ጉባኤና፡ መንነቱ ቀይሩ ብዓል ዕልማናውያን፡ ብደርፊ ከፊቶም ብደርፊ ከም ዝዓጸውዎ ኩላትና ተዓዚብና። ግርማ ዝነበሮ ሰልፊ፡ ካብ ሳላሳ ዘይበዝሑ ጉጅለ ታኣኪቦም ናይ ደቂ ዕቁብ ጉባኤ ኣካይዶም ከይኣክል፡ ብሳላሰኦም ነንሕድሕዶም ተመራሪጾም፡ ከይሓፈሩ ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ለጢፎሞ።

ብተወሳኺ፡ እቲ ቀንዲ መበገሲ ዕላማ ናይ ጀበርቲ ተረሲዑ፡ ኣብቲ ናይ ሓሙሽተ ማዓልቲ ተዋስኦኦም ይኹን ኣብቲ ደምዳሚ ኣዋጅም፡ ብዛዕባ ብሄር ጀበርቲ ዝምልከት፡ ወላ ከንዲ ኣድሪውን ትኹን ከም ዘይጠቀስዎን፡ ንሙኻኑ እቲ ስእልና ሪእዮም ገለ ለዋሃት ደቂ ጀበርቲ ተደንገጹልና ኢሎም ዘይናቶም ዕማማት ወዲዮም ዝተሳኣልዎ፡ ዝተተምየነ ስእሊ ካብ ሙኻኑ ሓሊፉ ትርጉም ከምዘይብሉ፡ እነሆ ኣዋጅም ይኹን ኣብቲ ጉባኤ ዝዋዓሉ ገለ ኣባላት ባዕላቶም ዝመስከርዎ ሓቂ እዩ።

**ክቡር ውጽዕ ህዝብና**

እቲ ኣብ ሰልፍና ዝተኸሰተ ቅልውላው ዘሕዝን ተረኺቦ እኳ እንተኾነ፡ እዞም ሕጂ ጎብለል ኢሎም ክስጉን ከደስክሎን ዝጀመሩ ቅዳሕ ናይ ህግደፍ፡ ብኣግኡ እንተዘይኣሪምናዮም፡ ነቲ ዕድመ ስልጣን ናይቲ ከም ትኺን ደም ህዝብና ዝሰቲ ዘሎ ስርዓት ህግደፍ ንምሕጻር ነካይዶ ዘለና ዕቱብ ቃልሲ ዕንቅፋት ከም ዝኾኑ ነፍሲ-ወከፍ ክፈልጦ ዝግባእ ሓቂ እዩ።

ነዞም ትማሊ ንኣሽቱ ፍጥረት እንከለዉ ዘይኣለናዮም ሎሚ ምስ ፈረዩ ዘሸግሩና ዘለው፡ ጽባሕ`ውን ምስ ገበሉ (ክንዲ ገበል ምስ ኮኑ) ዝያዳ ከሸግሩና ስለዝኾኑ፡ ዋዓል ሕደር ዘይብሉ፡ ኩሉ ኤርትራዊ ፈታው ሰላምን ደላይ ዲሞክራሲያዊ ለውጥን ብሓባር ፎእ እንተዘይኢልዎም፡ ግልባጥ ናይ ህግደፍ ኮይኖም ህዝብና ከም ዘሳቕዩ ጭሩስ ኣይንጠራጠርን።

ሕጂውን እንተኾነ፡ እቲ ዝተበገስናሉ ዕላማ፡ ነቲ ግዴታዊ ጽምበራ፡ ኣወጊድና ነቲ ንልዕሊ 1400 ዓመት ዝተጸዋዕናሉ መንነትናን መለለዩ እስልምናን ንምዕቃብ ዳኣምበር፡ ደድሕሪ`ቶም ትማሊ ምስቲ ስርዓት ኮይኖም ትግሪኛ ኢኹም ዝብሉና ዝነበሩ ዕልማናውያን ሰብ ክልተ ገጽ፥ ሓንሳብ ውዕል ፍራንክፈርት፡ ድሒሩ ድማ ውዕል ናይሮቢ እንዳበልና ክንዛነ ኣይኮነን።

ኣብ መጨረሽታ፡ እዚ ካብ 12 ክሳብ 17 ሕዳር 2016 ኣብ ኢትዮጵያ ክካየድ ተሓሲቡ ዘሎ ዋዕላ ንኹሉ ኣካል ሕብረተሰብና፡ ወላውን ነዞም ዕላማ ሰልፊ ስሒቶም ዘለዉ ኣባላት ጊገኦም ዝእረምሉን፡ ድምጺ ህዝቦም ዝሰምዕሉን ባይታ ስለዝኾነ፡ ንስለፍና ካብዚ ቅልውላው ኣውጺኡ ዋሕስ ሓድነትና ከም ምኳኑ መጠን፡ ንምዕዋቱ ኩሉ ኤርትራዊ ደላይ ፍትሒ ኣስተዋጽኦ ክገብር ብትሕትና ንጽውዕ።

**ዓወት ንቃልሲ ውጹዕ ህዝብና!**

**ውድቀት ንዲክታቶሪያዊ ስርዓትን ስዓብቱን!**

**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!**

**ኣወሃሃዲ ኣራሚት ሽማግለ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ**

ኣራሚት ሽማግለ

اللجنة التصحيحية